# 12 ኤርትራውያን ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ ዑቕባ ረኺቦም

**ሓባራዊት ሽማግለ ዜና**
**19.12.2009**

ኣብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ምብራቕን ማእከላይን ኣፍሪቃ (CEKAFA)፡ ኣብ ከንያ ክካየድ ዝቐነየ ውድድራት፡ ክሳተፉ ዝጸንሑ 12 ኣባላት ሕርዩቲ ጋንታ ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ እቲ ውድድራት ምስ ተዛዘመ፡ ኣብ ናይሮቢ ተሰዊሮም ከምዝተረፉን ናብ ሃገሮም ከምዘይተመልሱን ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ናይ ዓለም ክዝንያሉ ቀንየን ኢየን። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ መጀመርያ ነዚ ተረኺቦ'ዚ ኣሉታ ክህበሉ ፈቲኑ'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ግን፡ ክእመነሉ ተገዲዱ ኣሎ። ፈደረሽን ስፖርት ኤርትራ፡ ንኣቶ ኒኮላስ ሙሶንየ፡ ንሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ዝኣሊ ዝነበረ ሓላፊ ፈደረሽን ስፖርት ምብራቓውም ማእከላውን ኣፍሪቃ (CEKAFA) እቶም ተጻወቲ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ናብ ሃገሮም ከምዘይተመልሱ ኣረጋጊጽሉ ኢዩ። ካብ'ዚ ተበጊሱ፡ ኣቶ ሙሰንየ፡ ንፎካስ ኦፍ ኣፍሪካ ዝተባህለ ናይ ቢቢሲ መደብ ፈነወ ረድዮ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተጻወቲ ኵዕዞ እግሪ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ፡ ክወዳደሩ ኢሎም ኣብ ዝመጽሉ ሃገር ሞሊቆም ዝተርፉ ዘለዉ ሎሚ ንሳልሳይ ግዜኦም ዝብል መግለጺ ምሃቡ ውን ዝዝከር ኢዩ።

ኣብ ከንያ ዝርከብ ኤምባሲ ኤርትራን ናይ ስለላ መሓውራቱን ምስ ፖሊስ ከንያ ኰይኑ፡ ነቶም ዝተሰወሩ ተጻወቲ ክፍትሽ ከምዝጀመሩ ዝሕብር ምልክታታ ናብ ምንጪታት ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ድሕሪ ምብጻሑ፣ ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ፡ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር፡ ብዕለት 17.12.2009 ናብ ኮሚሽነር ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት፡ ኣቶ ኣንቶንዮ ጉተርስን፣ ናብ ወይዘሮ ማርዮን ካማራ፡ ዳይረክተር፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ክፍሊ ኣፍሪቃን፤ ናብ ኣቶ ኣሊስተር ቦልቶን፡ ላዕለዋይ ዞባዊ ሕጋዊ ኣማኻሪ ንኣፍሪቃን፡ ናይ ህይወት ኣድሕን ምሕጽንታ ኣቕሪቡ።

ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ብ18.12.2009 ነቶም 12 ኤርትራውያን ተጻወቲ ኵዕሶ እግሪ፡ ዑቕባ ከም ዝሃቦም ዘ ስታንዳርድ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ምሕባሩ ተፈሊጡ ኣሎ። እቲ ማዕከን ቀጺሉ፡ እቶም ተጻወቲ ኵዕሶ፡ ኣብ ከንያ ክንቀሳቐሰሉ ዘኽእሎም ፍቓድን መለለዪ ወረቓቕትን ተዋሂብዎም፡ ናብ ሓደ ስሙ ክጥቀስ ዘይተደልየ ብላዕለዋይ ኮሚሽን ዝመሓደር ቦታ ተወሲዶም ከምዘለዉ ሓቢሩ።